መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# የሱስ ማዕበል ከምዝህድኣ



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Janie Forest
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ሓደ ግዜ የሱስን
ደቀምዛሙርቱን ኣብ
ብጃልባ እናተጓዕዙ፡
ሓያል፡ ማዕበል ተላዕለ።
እቲ ህዱኽ ዝነበረ ባሕሪ
ናይ ገሊላ ብማዕበል
ተናዊጹ ነበረ። እዚ ከምዚ
ዓይነት ማዕበል ነታ ጃልባ
ከጥሕላ ውን ይኽእል እዩ።

በቲ ማዕበል ድማ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ፈርሁ። እቲ ማዕበል ነታ ጃልባ ማይ ክመልኣ ጀመረ። የሱስ ግን ኣብኡ ደቂሱ ነበረ። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ግና " ጎይታ ጠፋእና፡ ጠፋእና " እናበሉ ኣተንስእዎ።



"ኣቱም እምነት ዝጎደሎም፡ እንታይ ኮንኩም ፈራህኩም?!" በሎም የሱስ ነቶም ደቀ መዝሙር። ሽዑ የሱስ ነቲ ማዕበል ክሃድእ ኣዘዞ ...



ሽዑ ኵሉ ከምዝነበሮ ኮነ ... እቲ ማዕበል ድማ ሃድኤ! በዚ ድማ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ተገረሙ፡ " ንፋሳትን ማዕበላትን ዝእዘዝዎ'ስ፡ መን'ዩ እዚ?"



ድሕሪ ገለግዜ፡ ንየሱስ ልዕሊ 5000 ሰባት ስዓብዎ፡፡ እቲ ዝነበርዎ ቦታ ድማ ኣዝዩ ደረቅ ምድረበዳ ነበረ። የሱስ ድማ ብውሑድ፡ መግቢ ሓደ ሰብ ዝተማልአ፡ ንብምልኡ ህዝቢ መገቦ። ምስመሰየ ድማ ንኩሉ ሰብ ናብ በቤቱ ሰደዶ።



ደቀ መዛሙርቱ ዋላ ክኸዱ ነይርዎም። ስለዚ ብጃልባ ናብ ስግር እቲ ዝነበርዎ ባሕሪ ክኸዱ ነገሮም።





ኩሉ ሰብ
ምስከደሉ ድማ
የሱስ ናብ ሓደ
ከረን ደይቡ ክጸሊ
ጀመረ። ምሉእ
ለይቲ ድማ ይጸሊ
ነበረ።



እቶም ደቀመዛሙርቱ ድማ
ኣብ ሞንጎ መንገዶም ብንፋስ
ባሕሪ፡ ማዕበል፡ ተናወጹ።
ዋላ'ኳ ብዙሕ እንተጽዓሩ፡
እቲ ማዕበል ግን ንኸይሳገሩ
ኣደናጎዮም። እቶም
ደቀ መዛሙርቲ፡
ኣይፈለጡን ድኣ
እንበር ንዓቢን
ዘገርምን ነገር
ነበረ።



ኣብ ከባቢ ስዓት ሰለስተ
ክሳብ ስዓት ሽዱሽተ ንግሆ
ይከውን፡ ኣብ ሞንጎ እቲ
ብማዕበል ዝተረበሸ ባሕሪ
ሓደ ዘሰንብድ ነገር ርኣዩ
... እንታይ ኮን ርእዮም
ይኾኑ?!! " እዚ 'ምትሃት'
እዩ!! " ድማ በሉ።
'ምትሃት' ማለት ናይ
ሰይጣን መንፈስ ወይ
ሽሑር ማለት እዩ። የሱስ
እዩ ግን ነይሩ። እወ! ጎይታ
የሱስ እዩ፡ ዝመጾም
ነይሩ፡፡ ብማየ ማይ
እናተጓዕዘ መጾም!!!

"ህድእ በሉ!" በሎም የሱስ። "ኣነ እየ፡ ኣይትፍርሁ!" ወሲኹ በሎም። ጴጥሮስ ድማ "ጎይታ፡ ንስኻ እንተኾንካ፡ ንዓይ ድማ ብማየማይ ክመጽካ ኣዝዝ" በሎ። የሱስ ድማ " ንዓ!" በሎ። ጴጥሮስ ድማ ካብታ ጃልባ ወጺኡ፡ ብትብዓት ናብ የሱስ ገጹ ክኸይድ ጀመረ።





ኣብ ሞንጎ ግን
ብርቱዕ ንፋስ ክነፍስ
ምስ ጀመረ፡ ጴጥሮስ
ፈርሀ እሞ ክጥሕል
ጀመረ። ሽዑ
ብኽያት ብዝመስል፡
"ጎይታ ርድኣኒ!
ርድኣኒ!!" በሎ።

ብቕልጡፍ የሱስ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ንጴጥሮስ ሓዞ፡ "ኣታ እምነት ዝጎደሎ!፥ ንምንታይ ትጣራጠር?"በሎ እሞ፡ ናብታ ጃልባ ኣተዉ፡ ብኡብኡ ድማ እቲ ንፋስ ሃድኤ።



እቶም ኣብታ ጃልባ ዝነበሩ ድማ ንየሱስን እቲ ዝኾነን ምስ ርኣዩ፥ "ንስኻ ናይ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ በልዎ"። ናይ የሱስ ብምዃኖም ድማ ተሓጎሱ!!!



የሱስ ማዕበል ከምዝህድኦ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ወ.ማትዮስ 8 ፡ ወ.ማትዮስ 14 ፡
ወ.ማሪቆስ 4 ፡ ወ. ሉቃስ 8

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኲልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኲሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኲሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኲሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16